NHS

The Royal Wolverhampton
NHS Trust

# ብደም ዝመጽእ መልከፍቲ
# መርመራ - ሓበሬታ ን መንእሰያትን ኣለይትን

ማእከል GEM

ምክልኻል መልከፍቲ ኣብ ኩሉ ዝግበር ምክንኻን ጥዕና ቀንዲ ቀዳምነት ዝውሃቦ እዩ፡ ነፍሲ-ወከፍ ድማ ዝጸወቶ እጃም ኣለዎ።

- ብኽብረትኩም ዝርከብ ተኾይኑ ኣእዳውኩም ደጋጊምኩም ን 20 ካሊኢታት ብሳሙናን ማይን ጌርኩም ካብ ብከላ ናጻ ግበርዎ።
- እንተድኣ ምልክታት ናይ ውጻኣትን ወይ ተምላስን ወይ ካልእ ናይ ምስትንፋስ ምልክታት፡ ረስኒ፡ ወይ ዝኾነ ካልእ ምጥፋእ ናይ ጨና ኣለኩም ኮይኑ፡ ብኽብረትኩም ናብ ሆስፒታል ወይ ዝኾነ ካልእ መሳለጥያ ክንክን ኣይትኺዱ ስለ'ዚ ድማ ካብ 111 ምኽሪ ሕተቱ።
- ኣከባቢ ጽሩይን ንጹህን ጌርኩም ዓቅቡ።
- መልከፍትታት ካብ ሆስፒታላትናን ናይ መእለዪ ኣባይትናን ንምርሓቕ ብሓባር ንስራሕ።

ውሑስ & ኣድማዒ | ለዋህን ሓላይን | ልዑል ትጽቢት

ሎሚ ዝረኸብክምዎ ሓኪም ናይ ደም መርመራ ክትገብሩ ኣማኺርኩም። እዚ ናይ ደም መርመሪ ነዚ ዝስዕብ መልከፍትታት እዩ ዝፍትሽ፡ ንሳቶም ድማ ወይቦ ቢ፡ ወይቦ ሲ፡ ኤችኣይቪ፡ን ፍንጣጣን እዮም። ንሕና ስለምንታይ ንዓኹም መርመራ ክትገብሩ ደሊና ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ፡ እዚ ድማ መርመራ ደም ክትገብሩን ዘይክትገብሩን ናትኩም ውሳኔ እዩ።

# ንዓይ ከመይ ኢሎም እዮም እዞም መልከፍትታት ሒዞሙኒ?

እዞም መልከፍትታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክሓልፉ ይኽእሉ እዮም። እዞም መልከፍትታት ካብ ኣደ ናብ ዘይተወልደ ዕሸል ክመሓላለፉ ይኽእሉ እዮም። ገለ ቆልዑ ድማ ክሳብ ዝዓብዩ ከየስተብሃሉ ምስ መልከፍትታት ይውለዱ እዮም።

ሓኪምኩም ንስኹም ኣብ ሓደጋ መልከፍቲ ኣለኹም ኢሉ ክሓስብ ይኽእል እዩ፡ እዚ ድማ ንስኹም ካብ'ቲ መልከፍቲታት ዝበዝሖ ክፋል ዓለም ስለዝኾንኩም እዩ። ኣብ እዋን መገሻ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ገለ ቆልዑ ይህሰዩ እዮም ወይ ድማ ኣብ መልከፍቲ ዝሕዞም ኩነታት ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ መወዳእታ ድማ  እዚ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ፡ ወይ ብደም ከጋጥም ይኽእል እዩ፡ ንኣብነት ምስ ዝኾነ መልከፍቲ ዘለዎ ሰብ መርፍእ ብሓባር ምስ ትጥቀሙ ናባኹም ክሓልፍ ይኽእል እዩ።

# ኣነ መልከፍቲ ከምዘሎኒ ምፍላጥ ስለምንታይ እዩ ጠቓሚ ዝኸውን?

ዝበዝሑ መልከፍቲ ዘለዎም ሰባት፡ ብፍላይ ድማ ምስኦም ዝተወልዱ እንተኾይኖም ንነዊሕ እዋ' ብቑዓትን ጥዑያትን ኮይኖም ክስመዖም እዩ። ገና ድማ እቲ መልከፍቲ ዕንወት እዩ ዘምጽኣሎም ዘሎ። ኣብ ሓደ እዋን ልዕሊ ሓደ መልከፍቲ ክህልው ይኽእል እዩ።

ኩሎም መልከፍትታት ክፍወሱ ኣይክእሉን፡ ኮይኑ ግን መድሃኒታት ነቲ ሕማም ካብ ምግዳድ/ምብኣስ ደው የብሎን ንሰባት ድማ ጥዕነኦም ይዕቅብን። ብዘይ ሕክምናን ምክትታልን ኩሎም እዞም መልከፍትታት ንሰባት ከቢድ ሕማም ወይ ሞት ከምጽእሎም ይኽእሉ እዮም።

ናይ ኤችኣይቪ/HIV ሕክምናታት ኣዝዮም ተማሓይሾም እዮም፡ ስለዚ ድማ ሎሚ ንቡር ዝኾነ ነዊሕ ሂወት ምምራሕ ይከኣል እዩ፡ እተን ኤችኣይቪ ዘለወን ደቀንስትዮ ድማ በቲ ቫይረስ ዘይተለኸፉ ህጻናት ክወልዳ ይከኣል እዩ።

መልከፍቲ እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ፡ በዚ ድማ ንስኹም ከመይ ጌርኩም ነዚ ናብ ካልእ ሰብ ካብ ምሕላፍ ደው ተብልዎ ክትምሃሩ ትኽእሉ።

## እቲ መርመራ ከመይ ኢሉ እዩ ክካየድ ከምኡ ድማ ኣነ መልከፍቲ ከምዘሎኒ መን እዩ ክፈልጥ?

ካባኹም ደም ብመርፍእ እዩ ክውሰድ፡ እዚ ድማ ዝበዝሐ ግዜ ካብ ካብ ከባቢ ብርኪ-ኢድኩም እዩ። እዚ ድማ ብ ፈልቦቶሚስት ወይ ኪኢላ መርመራ ደም እዩ ዝግበር። እቲ ውጺኢት መርመ ድማ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን እዩ ዝመጽእ።

እቲ ሎሚ ዝረኸብክምዎ ሓኪም ክውከሰኩም እዩ። እቲ ናይ ደም መርመራ መልከፍቲ ከምዘይብልኩም እንተድኣ ኣርእዩ፡ ደብዳቤ ክልኣኸልኩም እዩ። እንተዘይኮይኑ ግን ብዛዕባ'ቲ ውጺኢት ንምዝርራብ ካልእ ቆጸራ ክውሃበኩም እዩ።

ውጺኢት መርመራ ደምኩም ንዓኹምን ንሓፈሻዊ ሓኪምኩምን ንካልኦት ንዓኹም ንምክትታል መልከፍቲ ዝሕክሙን ክውሃብ እዩ። ካልእ ግን ንስኹም ክፈልጡ ዝደለኹሞም ጥራይ እንተዘይኮይኑ ንዝኾነ ሰብ ኣይንገርን እዩ። ጥዕናኹም ኣብ ምክትታል ደገፍ ክትረኽቡ ኣገዳሲ እዩ፡ በዚ ድማ ንስኹም ነዚ ምስ ትኣምንዎ እኹል ሰብ ክትዛተይሉ ትኽእሉ።

## ኣነ ሓደ ካብ'ዞም መልከፍቲ ኣብ ደመይ ምስ ዝረከብ እንታይ እየ ዝኸውን?

ንስኹም ብፍሉይ ሓኪም ክትርኣዩ ኢኹም። እዚኣቶም ድማ ብዛዕባ እቲ ትደልይዎ ሕክምና ከዛርብኹም እዮም፡ ከምኡ ድማ ጥዕናኹም ብቀጻሊ ንክረአ ንዓኹም ከወሃህድልኩም እዮም።

## ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ነፍሲ-ወከፍ መልከፍቲ ኣብ'ዚ ኣንብቡ፡

## ወይቦ ቢ እንታይ እዩ?

ወይቦ ቢ ማለት ቫይረስ ኮይኑ ን ጸላም ከብዲ ዘጥቅዕ እዩ። ንጸላም ከብዲ ድማ ከዕንዋን ስምብራት ክገብረላን ይኽእል እዩ፡ ኣብ ገለ ሰባት ድማ ናብ ካንሰር ናይ ጸላም ከብዲ ክመርሕ ይኽእል እዩ።

## ቫይረስ ወይቦ ሲ ኽ እንታይ እዩ?

ወይቦ ሲ ማለት ካልእ ቫይረስ ኮይኑ ን ጸላም ከብዲ ዘጥቅዕ እዩ። ኣብ ዝበዝሑ ሰባት ናይ ጸላም ከብዲ ማህሰይቲ ቀሊል እዩ፡ ኮይኑ ግን ኣብ ገለ ሰባት ምስ ዕቤት ከቢድ ዝኾነ ማህሰይቲ ጸላም ከብዲ ወይ ካንሰር ከምጽእ ይኽእል እዩ።

## ኤችኣይቪ እንታይ እዩ?

ኤችኣይቪ ማለት ቫይረስ ኮይኑ ነቲ ንመልከፍትታት ዝቃለስ ናይ ኣካላት ስርዓተ ምክልኻል ዘጥቅዕ እዩ። እዚ ጥዑይ ኣካል ክገብሮ ዝግባእ ንኣካላት ንመልከፍትታት ካብ ምቅላስ ደው የብሎ።

# ፍንጣጣ እንታይ እዩ?

ፍንጣጣ ማለት ናይ ባክተርያ መልከፍቲ ኮይኑ፡ እዚ ድማ ወይ ብጾታዊ ርክብ ወይ ከኣ ጥንስቲ ከላ እቲ መልከፍቲ ዝሓዛ ካብ ኣደ ናብ ህጻን ዝመሓላለፍ እዩ። እዚ ኣብ መጀመርታ መቑሰልት ናይ ቆርበት ስሓን ከምጽእ ይኽእልን ንሰባት ድማ ደስ ዘይብል ስምዒት ይገብረሎምን። እንተድኣ ዘይተሓኪሙ ድማ ንዝተፈላለየ ክፋል ኣካላት ይትንክፍ፡ እዚ ድማ ን ሓንጎልን ዘጠቓልል ኮይኑ ሞት ድማ ከምጽእ ይኽእል።

ምስ ፍንጣጣ ዝተወልዱ ቆልዑ ብዙሕ ካብ ዝተፈላለየ ክፋል ኣካላቶም ተሃስዩ ክረኽብዎ ይኽእሉ፡ እዚ ድማ ንሓንጎል፡ ኣዕጽምቲን ኣስናንን የጠቓልል።

ፍንጣጣ ዝበዝሕ ግዜ ብ ጸረነፍሳት ወይ ኣንቲባዮቲክስ እዩ ዝፍወስ።

## English

**If you need information in another way like easy read or a different language please let us know.**

**If you need an interpreter or assistance please let us know.**

## Lithuanian

**Jeigu norėtumėte, kad informacija jums būtų pateikta kitu būdu, pavyzdžiui, supaprastinta forma ar kita kalba, prašome mums apie tai pranešti.**

**Jeigu jums reikia vertėjo ar kitos pagalbos, prašome mums apie tai pranešti.**

## Polish

**Jeżeli chcieliby Państwo otrzymać te informacje w innej postaci, na przykład w wersji łatwej do czytania lub w innym języku, prosimy powiedzieć nam o tym.**

**Prosimy poinformować nas również, jeżeli potrzebowaliby Państwo usługi tłumaczenia ustnego lub innej pomocy.**

## Punjabi

ਜੇ ਤੁਹਾਨੂੰ ਇਹ ਜਾਣਕਾਰੀ ਕਿਸੇ ਹੋਰ ਰੂਪ ਵਿਚ, ਜਿਵੇਂ ਪੜ੍ਹਨ ਵਿਚ ਆਸਾਨ ਰੂਪ ਜਾਂ ਕਿਸੇ ਦੂਜੀ ਭਾਸ਼ਾ ਵਿਚ, ਚਾਹੀਦੀ ਹੈ ਤਾਂ ਕਿਰਪਾ ਕਰਕੇ ਸਾਨੂੰ ਦੱਸੋ।

ਜੇ ਤੁਹਾਨੂੰ ਦੁਭਾਸ਼ੀਏ ਦੀ ਜਾਂ ਸਹਾਇਤਾ ਦੀ ਲੋੜ ਹੈ ਤਾਂ ਕਿਰਪਾ ਕਰਕੇ ਸਾਨੂੰ ਦੱਸੋ।

## Romanian

**Dacă aveți nevoie de informații în alt format, ca de exemplu caractere ușor de citit sau altă limbă, vă rugăm să ne informați.**

**Dacă aveți nevoie de un interpret sau de asistență, vă rugăm să ne informați.**

## Traditional Chinese

如果您需要以其他方式了解信息，如易读或其他语种，请告诉我们。

如果您需要口译人员或帮助，请告诉我们。

Designed & Produced by the Department of Clinical Illustration,
New Cross Hospital, Wolverhampton, WV10 0QP Tel: 01902 695377.